# ኣብ ዉሽጢ ገዛ ጽሩይ ኣየር ኣገዳሲ ኢዩ

ኣብ ዩ. ኤስ ኣሜሪካ ሰባት ብገምጋም 87% ግዜኦም ኣብ ገዛ የሕልፍዎ፡ ኣብዚ እዋን ለበዳ ድማ እቲ ቁጽሪ ወሲኹ ኣሎ። እንተኾነ ግን ኣብ ዉሽጢ ገዛ ዘሎ ኣየር ብምኽንያት ኣብ ዉሽጢ ገዛ ዝግበሩ ስራሓትን ንጥፈታትን ከምዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ካብ ኣብ ደገ ዘሎ ኣየር ብዝያዳ ክብከል ከምዝኽእል ትፈልጡዶ? እዚ ንሰብነትኩም ከቕጥዖ ይኽእል ኢዩ ከምኡ'ውን ብቫይረስ ዝመሓላለፍፉ ከም ኮቪድ-19 ( COVID-19) ሰዓልን ከሕምሙኹም ይኽእሉ ኢዮም።

| ኣብ ዉሽጢ እንገብሮም ንጥፈታት<br>(ክሸና ትኪ፣ብዘይ- HEPA* ቫኩዩም ምግባር፣ ምጽራይን ብከሚካልን) | ገዛ ንምስራሕ ዘገልግሉ ኣቑሑት<br>(ቀለም፣ መዐሸጊ፣ ምንጻፍ፣ መከላኸሊ) | ኣብ ዉሽጢ ገዛ ዝርከቡ ኣቑሑት<br>(ባምቡላ፣ ጣውላ፣ ምንጻፍ፣ ዝንጸግ፣ መኣዛታት) |
|---|---|---|
|  |  |  |

ብምኽንያት ኣካባቢያዊ ዓሌታዊነት (environmental racism) መስኮት ምኽፋት ( ጽቡቕ ኣማራጺ ብከላ ንምጉዳል) ኣብ ኣካባቢ ዓበይቲ ጎደናታትን ኢንዱስትርያዊ ምንቅስቓሳትን ንዝነብሩ ሕብረተሰባት ኣማራጺ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ገዛ ንዘሎ ብከላ ንምጉዳል ካል እ ኣማራጺታት ምድላይ ኣገዳሲ ይኸውን።



* HEPA ቫኩዩም (High Efficiency Particulate Air) HEPA መጻረዪ ኣየር ኣለዎ፡ እዚ ድማ እቲ ደሮና ናብ ዉሽጢ ገዛ ከይኣቱ ይከላኸል- ከምቲ ልሙድ ንጥቀመሉ ቫኩዩም ናብ ገዛ ደሮና ዘእቱ ኣይኮነን።

## ዝበለጸ ኣየር ኣብ ዉሽጢ ገዛና ንዝበለጸ ጥዕና

ኣብ ዉሽጢ ገዛኹም ጽሩይ ኣየር ምህላዉ ንጥዕና ኣገዳሲ ኢዩ። ጽሩይ ዘይኮነ ኣየር ኣብ ዉሽጢ ገዛ ምህላው ናብዞም ዝስዕቡ የምርሓና፤

**ቅልጡፍ  ጽልዋታት ከም፣**

- ሰሓ ዓይኒ፡ እዝኒ ከምኡ'ውን ጎሮሮ
- ሕማም ርእሲ
- ጽርውሩው ምባል
- ብርቱዕ ድኻም
- ጉንፋዕ ወይ ምልክት ሰዓል



**ናይ ነዊሕ ግዜ ጽልዋታት፣**

- ካንስር
- ሕማም ስርዓተ- ምስትንፋስ (ከም ኣዝማን COPDን)
- ሕማም ልቢ
- ነቲ ህሉው ሕማም ምግዳድ



## በቲ ዝተበከለ ኣብ ዉሽጢ ገዛ ዘሎ ኣየር ቀልቲጢፉ ዝትንከፍ መን ኢዩ?

- ህጻናት
- ሕማም ወይ ምጽላእ ስርዓተ- ምስትንፋስ ፡ ሕማም ልቢ፡  ወይ ሕዱር ሕማም ዘለዎም
- ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት
- ኮቪድ-19 ዘለዎም ወይ ዝነበሮም ሰባት
- ብኣካባቢያዊ ዓሌታዊነት (environmental racism) ዝተጠቕዑ ሰባት
- ነብሰ- ጾር ኣንስቲ

## ናይ ኣየር መጻረዪ ሳንዱቕ መዓስ ንጥቀመሉ

- ኣብ እዋን ትኪ ካብ ባርዕ ጫካ
- ኣብ ደገ ዘሎ ኣየር ዘይጽሩይ እንተኾይኑ
- ኣብ ውሽጢ ገዛ እንዳሰራሕና ወይ ስራሕ ምስወዳእና ነቲ ኣየር ዘይጽሩይ ዝገብሩዎ ንጥፈታት (ንኣብነት ካብ ምብሳል መግቢ ዝወጽእ ትኪ)
- ካብ ገዛ ወጻኢ እንተኼንኩም ወይ እንተደቂስኩም ኣይትጠቐሙሉ!
- መሳኹቲ እንተተኸፊቶም ኣይትጠቐሙሉ!

## ካልእ መንገዲታት ንምምሕያሽ ኣብ ዉሽጢ ገዛ ዘሎ ኣየር

- ጫማኹም ኣብ ዉሽጢ ገዛ ኩንኩም ኣውጽእዎ
- ደሮና ኣራግፉ ኣዘውቲርኩም ድማ ሞፕ ግበሩ
- HEPA መጻረዪ ዘለዎ ቫኩዩም ተጠቐሙ
- ሕማቕ ሽታ ንምሽፋን (ንምክልኻል) መኣዛ ዘለዎ ጨና ኣይትንፍሑ (air fresheners)
- ኣብ ዉሽጢ ገዛ ኣይተትክኹ
- ኣብ ዉሽጢ ገዛ ሽምዓ ኣይትወልዑ
- ኣብ ዝተበከለ መዓልቲ ብጋዝ ዝሰርሕ መብሰሊ ኣይትጠቐሙ



ደሮና ምትርካስን ኣዘውቲርካ ምውልዋልን





ጫማኹም ኣብ ዉሽጢ ኮንኩም ኣውጽእዎ





HEPA መጻረዪ ዘለዎ ቫኩዩም ተጠቐሙ



መኣዛ ዘለዎ ጨና ዘይምጥቃም (መሐደሲ ሽታ ኣየር)

# መጻረዪ ኣየር ኣብ ዉሽጢ ገዛ ንዘሎ ኣየር ጽሩይ ክኸዉን ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ

ኣብ ዉሽጢ ገዝኹም ስርዓተ መጻረዪ ኣየር ብምጥቃም ናይ ዉሽጢ ገዛኹም ኣየር ርኡይ ዝኾነ ምምሕያሽ ይገብር፡ ከም ኡውን ተቓላዕነትኩም የጉድሎ።



ብትሑት ዋጋ ኣብ ገዛኹም ዘሎ ኣየር ከተጽርይዎ ትኽእሉ ብመንበድበዲ ሳዱቕ (box fan) ከም ኡ'ውን ብፋርናስ ፊልተር ኢዩ። እዞም መጻረዪ መንበድብዲታት (filter fans) ነቶም ደቀቕቲ ኣካላት ኣብ ትኪ ባርዕ ጫካ ወይ ዕንጨት ልሙዳት ዝኾኑ፡ ከምኡ'ውን ቫይረስ፡ ሞልድን ኣብ እዋን ስራሕ ካብ ገዛ ንዝወጽእ ደሮናን፡ የጻርዩ፡ እዚ ድማ ነቲ ጸቕጢ ብኩል ኣየር ኣብ ጥዕና የጉድሎ።

ፊልተር ፋን ብፋርናስ ፊልተር ኣቢሉ ነቲ ኣየር ይመጦ ነቲ ዶሮና፡ ጽገ ናይ ኣትክልቲ ከምኡ'ውን ካልእ ደቀቕቲ ኣካላት መጽዩ የትርፎም፡ ስለዝኾነ ድማ ጽሩይ ኣየር በቲ ሓደ ሸነኽ ናይ'ቲ ፋን ይወጽእ።

ናይ ፑጀት ሳውንድ ኤጀንሲ ጽሩይ ኣየር፡ ናይዞም መጻረዪታት ናይ ብቕዓት ዓቕን ብምግባር ናይ ገለ ዓይነት ብኽለታት ኣየር ብ 90% ምጉዳል ኣርእዮም።




# ትኪ ባርዕ ጫካ



ብምኽንያት ለዉጢ ክሊማን ጽልዋ ምሕደራ ኣግራብን፡ ኣብ እዋን ሓጋይ ትኪ ባርዕ ጫካ ኣብዚ ኣከባቢና ልሙድ ተርእዮ እንዳኾነ ይኸይድ ኣሎ።

እዞም መጻረዪ ኣየር፡ ጽሩይ ፊልተር እንተተገጢምሎም፡ ኣብ እዋን ባርዕ ጫካ ንዝፍጠር ትኪ ኣብ ገዛውትኹም ጽሩይ ኣየር ከምዝህሉ ይገብሩ።

# መምርሒ ኣጠቓቕማ ፊልተር ፋን

እዚ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) (መጻረዪ) ኪት፡ ጸቕጢ ናይ ትኪ ባርዕ ጫካ ንምጉዳል ብትሑት ዋጋ ይርከብ። ኮይኑ ግን ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) ምስ MERV-13 ፋርናስ ፊልተር ክትጥቀሙሉም ተባሂሉም ኣይኮኑን ተሰሪሖም፡ ከምኡ'ውን ድሕነቶም ብቤተ- ፈተነ ኣንደርራይተርስ (Underwriter's Laboratory) ( ሳልሳይ ኣካል ድሕነት ብዙሕ ምህርቲ ዘረጋግጽ ኩባንያ) ኣብ ፈተነ ይርከብ። እቶም ሳንዱቕ መሽረፊ (box fans) MERV-13 ፋርናስ መጻረዪ ብሽንኽ ኣየር ዝኣትወሉ ናይቲ ፋን ምስተገጥመሎም ኣዝዮም እንድሕር ሞይቆም ናብ ንቡር ዝመልሶም ኣውቶማቲክ ዝኾነ ሓባሪ ሓዲጋ ( trip wire) ወይ ድማ ካልእ መካኒዝም የብሎምን።

ዋላኳ ቅድሚ ሕጂ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) ምስ መጻረዪ ጸገም ከምዘለዎም ዝሕብር ጸብጻብ እንተዘይሃለወ፡ ወግዓዊ ዝኾነ ፈተነ ኣይተገብረን፡ ከምኡ'ውን ካብ መጠን ንላዕሊ ናይ ምርሳን ተኽእሎ ኣሎ። ንግቡእ ኣጠቓቕማን ጽገናን ናይቲ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) ምስ መጻረዪኡ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ምግባር ይምከር፤

**እቲ ፋን ምስ መጻረዪኡ በዞም ዝስዕቡ ንድሕነት ተባሂሎም ዝተዘርዘሩ መሰረት ምጥቃም፤**

- ነቲ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) መጻረዪ ምክትታል ግበሩሉ።
- ደቂስኩም ከለኹም ወይ ካብ ገዛ እንድሕር ወጺእኩም ኣይትጠቕሙሉ። ኣየር ክኣቱዎ ዝሕል ክብል እንተደሊኹም ቅድሚ ምድቃስኩም ነቲ መጻረዪ ኣልዕልዎ።
- ነቲ ሳንዱቕ መሽረፊን (box fan) ነቲ ኣብኡ ዘሎ መጻረይን ኣብ ነብሲ-ወከፍ 30 ደቒቕ ኣጥፍእዎ፡ ቅድሚ ደጊምኩም ምውላዕኩም ድማ ን 15 ደቒቕ ከምዝዝሕል ግበሩዎ።
- ነቲ ፋን ኣብ ነዊሕ ግዜ ትጸንሕሉ ክፍሊ ግበርዎ።
- ነቲ ፋን ናብ ማእከል እቲ ገዛ ከምዝጥምት ግበርዎ፡ ካብ መንደቕን ካልእ ዓበይቲ ኣቑሑትን ኣርሕቕዎ። ነቲ ፋን ዶሮና ወይ ርስሓት ናብ ዘለዎ ቦታ ገጹ ኣይትግበርዎ እንተዘኮይኑ ግን እቲ ፋን ነቲ ደሮና ናብ ኣየር ከምዝብተን ክገብሮ ኢዩ።
- ፋን ኣብ ትጥቀሙሉ ግዜ ኩሎም መሳኹትን መዓጹን ክዕጸዉ ኣለዎም። ዝተበከለ ኣየር ዳግማይ ናብቲ ክፍሊ እንተደአ ኣትዩ እቲ ፊልተር ነቲ ኣየር ክጽርዮ ኣይክእልን ኢዩ።
- ንኤለክትሪካዊ ድሕነት ፡ ነቲ ፋን ኣብ መሕጸቢ ነብሲ/ ባኞ ወይ ጥቓ ማይ ኣይተቐምጥዎ።
- መጻረዪ (ፊልተር) ኣብ ነብሲ-ወከፍ 3 ወርሒ ወይ ዝረስሐ እንተመሲልኩም ቀይርዎ።
- ፊልተራት (መጻረዪ) መዐቀኒ ብቕዓት "MERV-rating" 13 (20x20x1 ኢንች ፊልተራት ምስ እዚ ሳንዱቕ መሽረፊ ይሰርሕ ኢዩ) ክህልዎም ኣለዎ።
- ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) ካብ ናይ 2012 ዝሓደሰ ኮይኖም ሓደጋ ልዑል ሙቐት ንኸጉድሉ ተባሂሎም ዝተመሓየሹ ኢዮም።
- ህጻናት ካብቲ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) ክርሕቁ ኣለዎም።

**ነዚ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) መጻረዪ ኪት ብምቕባል ፡ ተጠቃሚ ሓላፍነት ናይ ኣጠቓቕማ፡ ጽገና፡ ከም ኡውን ኣፈጻጽማ ናይቲ ሳንዱቕ መሽረፊ (box fan) ኣለዎ።**

**ካብ ሓለዋ ጥዕና-ሲያትልን ኪንግ ካውንቲን።**

Public Health Seattle & King County

PUGET SOUND Clean Air Agency

King County CLIMATE ACTION Clean Future. Strong Communities.

# ኣገጣጥማ ሳንዱቕ መጻረዪ ኣየር

## ዘድልዩ ኣቑሑ:



መሽረፊ



መጻረዪ



ዓንዲ

## ብኸመይ ከምዝገጣጠሙ:

እቲ ፊልተር **ኣብቲ ኣየር ናብ ዉሽጢ ዝኣትወሉ** ከምኡ’ውን **እቲ ጨረር ኣብ ፊልተር ዘሎ ገጹ** ናብቲ መሽረፊ ኮይኑ ብድሕሪት ወገን ናይቲ ፉን




*Thanks to Puget Sound Clean Air Agency for sharing these images